ምሉእ ብምሉእ ክንርድኦ ዜድልየና ኣርባዕተ ሓቅታት ኣሎ ፦

1 ኣምላኽ የፍቅረካ እዩ ።

ኣምላኽ ምስኡ ኣብ ሰማይ ዘለኣለማዊ ህይወት ክህልወካ ኢዩ ዝደልየካ ።
ኩሉ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽረክብ እምበር ከይጠፍእስ፥ እግዚኣብሄር ንሓደ ወዱ ቤዛ ገይሩ ኽሳዕ ዝሀብ፥ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀሮ። ዮሃንስ 3:16
ኣምላኽ ኣኺሉ ዚተርፍን ትርጉም ዘለዎን ህይወት ኪህልወካ እዩ ዚደልየካ ።
እቲ ሰራቒ ግና፥ ክሰርቕን ክቐትልን ከጥፍእን እንተ ዘይኮይኑ ኣይመፅእን እዩ፤ ኣነ ግና፥ ህይወት ምእንቲ ኺረኽቡን ኽበዝሓሎምን እየ ዝመጻእኹ። ዮሃንስ 10:10

2 ሰብ ብተፈጥሮኡ ሓጥእ እዩ ። ስለዚ ካብ ኣምላኽ ተፈልየ ።

ኩሎም በዲሎም እዮም፤ ክብሪ እግዚኣብሄር ከዓ ጐዲልዎም እዩ። ሮሜ 3:23 ዓስቢ ሓጢኣት ሞት እዩ፥ ውህብቶ ፀጋ እግዚኣብሄር ግና፥ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሮሜ 6:23
እቶም ፈራሓትን፥ ዘይኣምኑን፥ ርኹሳትን፥ ቀተልቲ ሰብን፥ ኣመንዝራታትን፥ ጠንቈልትን፥ መምለኽቲ ጣዖትን፥ ኩሎም ሓሰውትን ግና፥ ክፍሎም ኣብቲ ብሓዊ ዲንን ዝነድድ ቃላይ እዩ፤ እዚዩ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ” በለኒ። ራእይ 21:8

ሰብ ብሰንኪ ሓጢኣቱ ኻብ ኣምላኽ ዚፍል እንተ ኾይኑ ነዚ ጸገም እዚ ፍታሕ ዚኾነሉ እንታይ እዩ ? መብዛሕትኡ ግዜ ነዚ መፍትሒታት እዚ ኸም ሃይማኖት ሰናይ ግብሪ ስነ-ምግባር ጌርና ኢና እንርእዮ ይኹን እምበር ኣምላኽ ዚህበና ሓደ ፍታሕ ጥራይ እዩ ዘሎ ።

3 ናብ ሰማይ ዚወስድ እንኮ መገዲ የሱስ ክርስቶስ እዩ ።

ኢየሱስ ድማ፦ ኣነ መንገድን ሓቅን ህይወትን እየ፤ ብዘይ ብኣይ፥ ሓደኳ ናብ ኣብ ዝመፅእ የለን። ዮሃንስ 14:6
ክርስቶስውን ናብ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኺቕርበና፥ ጻድቕ እንትሎ ምእንቲ ሓጥኣን ሓንሳእ ንሓዋሩ መከራ ተቐቢሉ ሞተ። ብስጋ ሞተ፤ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ። 1ይ ጴጥሮስ 3:18
እቲ ብወልድ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለዎ፤ እቲ ብወልድ ዘይኣምን ግና፥ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ደኣ ኣብ ልዕሊኡ ይነብር እምበር፥ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ኣይሪኣን እዩ። ዮሃንስ 3:36

4 ምእንቲ ድሕነትና ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክንእመን ኣሎና ።

ድሕነትና ብጸጋ ኣምላኽ ክርከብ ዝከኣል ብየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ኢዩ ።
ንክርስቶስ ብምእማን፥ ብፀጋ ኢኹም ዝድሓንኩም። እዚዩ ከዓ ውህብቶ እግዚኣብሄር እዩ እምበር፥ ካባኻትኩም ኣይኮነን። ሓደኳ ኸይምካሕስ ብግብሪ ኣይኮነን። ኤፌሶን 2:8-9

ነዚ ጸሎት እዚኣ ብእምነት ናብ ኣምላኽ ንግበር፦
ጐይታየ የሱስ ስለቲ ንዓይ ዘላትካ ዓባይ ፍቕሪ ኣዝየ እመስግነካ። ሓጥእ ምዃነይ እእመን ይቕረታ ድማ እልምን እየ ። መቕጻዕቲ ሓጢኣተይ ንምኽፋል ኣብ መስቀል ስለ ዝሞትኩም እመስግነኩም ። ኣብ ትንሳኤኻ ኻብ ምዉታት እኣምን እየ ። ካብ ሕጂ ንዓኻትኩም ከም ጐይታይን መድሓንየይን እኣምነኩም ኣለኹ። ውህበት ዘለኣለማዊ ህይወትካ እቕበል ህይወተይ ከኣ ንዓኻትኩም ኣሕሊፈ እህበኩም ኣለኹ። ትእዛዛትካ ኽሕሉን ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ባህ ከብለን ሓግዘኒ። ኣሜን ።

ብየሱስ ክርስቶስ ትኣምን እንተ ኼንካ እዚ ዚስዕብ እዩ ኣጋጢሙካ ፦
• ምስ ኣምላኽ ዘለኣለማዊ ህይወት ኣሎካ ።
ኲሉ ንወልድ ሪኡ ብእኡ ዝኣምን፥ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብ፥ ኣነውን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ኽተስኦ እየ፤ እዚዩ ፍቓድ ኣቦይ እዩ። ዮሃንስ 6:40
• ኩሉ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኣሎ። (ሕሉፍ ሕጅን መጻእን)
ንሱ፥ ካብ ናይ ፀልማት ስልጣን ኣውፅኣና፤ ናብታ መንግስቲ ፍቑር ወዱውን ኣእተወና። ንሱ ብደሙ ተበጀወና፥ እዚዩውን ስርየት ሓጢኣት እዩ። ቈላስይስ 1:13-14
• ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ።
እዚ መጀመርታ ሓድሽ ህይወትካ እዩ ።
ስለዚዩ ሓደኳ ብክርስቶስ እንተ ሃልዩ፥ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፤ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፥ እንሆ ዅሉ ሓድሽ ኰይኑ እዩ። 2ይ ቆሮንቶስ 5:17
• ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢኻ ።
ነቶም ኲሎም ዝተቐበልዎን ብስሙ ንዝኣመኑን ግና፥ ውሉድ እግዚኣብሄር ክኾኑ ስልጣን ሃቦም። ዮሃንስ 1:12